# ዕምጸጻን ጭውያን ፍትሒ

## ብዶ/ር ኣማኑኤል ትኩእ (ኣባል ሕዝባዊ መኸተ ሽቱርጋርት ከባቢኡን)

**(ንመደረ ኣብ ሕዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርት ዝቐረበ ጽሑፍ ኣብ ኢንተርኔት ክትዝርጋሕ ብዙሓት ኤሪትራውያን ስለዝተወከሱኒ እንሆ ንኣንባብያን እቐርባ ኣለኹ)**

እዚ መኸንያት መኤከቢና ኮይኑ ዘሎ ሎም መዓልቲ እቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ ታሕሳስ 23/2009 ሓሊፉ ዝተባህለ ኣብ ልዕሊ ኤሪትራ ዝተወሰነ ማዕቀብ ዘይሕጋዊ ብሸርሕን ሓሶትን ምትላልን ሕቡራት መንግስቲ ኣሜሪካ ተለዊሱ: ተላዕጢጡ: ቦኺዑ ዝተሰንከተ መርዛም ዝኾነ ንሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘየውሕስ ፍርዲ ገምደል ውሳነ ካብ 1998 ጀሚሩ ተሃንዲሱ ከይተወሰነ ክንከባለል ዝጸንሐ ንምዝታይ እዩ::

እዚ ኻኣ ንኤሪትራ ንመጀመርያ ጊዜ ዘይኮነ ብ1952 ውድብ ሕቡራት ሃገራት  ባይቶ ጸጥታ  ኤሪትራ ናጽነት ንኸይትውጽእ ተነፊግዋ ከም ህያብ ንኢትዮጵያ ብመልክዕ ፈደረሽን ኣበርኪቶምላ፤ ሽዑውን እንተኾነ ምምሕዳር ኤሜሪካ ብጸቕጥን ምጉብዕባዕን ምፍርራሕን  ኣባላት  ርትዓዊ ዘይኮነ ውሳኔ ከሕልፍ ኣገዲድዎ:: ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዓለማዊ ትካል ሰላምን ፍትሕን ዘውሕስ ዘይኮነስ መጋበሪይ ናይ መንግስቲ ኤሜሪካ ብምዃን ኣብ ዓለምና ስርዓተ ኣልቦነት ነጊሱ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ናይ ዓለም ውግእን ሕንፍሽፍሽን ተኸሲቱ፤ ብምልዮናት ዝቑጸሩ ኣደዳ ሞትን ስቅያትን ስደትን እኾኑ ኣለው ዓለምና ኻኣ ናይ ምድሪ ሲኦል ኮይና ትርከብ።

ብመኽንያት ዝንቡዕን  ደረት ዘይብሉ ስስዔን ናይ ምግባት ፖሊሲ ኤሜሪካ ኤሪትራውያን  ኣብ ገዛእ ሃገሮም፤ ባህሎምን፤ ቓንቑኦም፤ ክብሮምን፤ ናጽኖቶም፤ ስለዝተጋህሰ ብረት ኣልዓሉ:: ኤሪትራ ካኣ ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት መሪር ቃልሲ ብቡዝሕ መስዋእትን: ስንክልና ናጽነታን ክብራ ጨቢጣ:: እዚ ኻኣ ዝተፋላለዩ ናይ ኢትዮጵያ መንግስታት ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ወፃኢ ሓይልታት ከም ኤሜሪካ፤ ሶቭይት ሕብረት፤ ኩባ፤ ምብራቕ ጀርመን፤ የመን፤ ሴሜን ኮርያ ብኣጽዋርን: ንዋትን: ከምኡውን ብወተሃደራዊ ናይሰብ ሓይሊ ከይተረፈ ንሸንበርኩኹና ኣብ ኣርዑት ባርነት ኢትዮጵያ ተፅሚድና ንኽነብር ዘይተገብረን ዘይተፋሕሰን የለን።

**ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም ብጋጣሚ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ <u>ህዝባዊ ግንባርን</u> (ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን) <u>ተጋደሎ ሓርነት</u>    ተ.ሓ.ኤ (ማመ)  ኣብ 1978 ዝበልዎ „ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ብገዛእ ቕልጽሙ ኢዩ ዘውዲ ደፊኡ ዝርከብ ዘሎ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ባሪኹሉ ኢዩ እሞ፣ ነዛ ዘውዲ'ዚኣ ዝትንክያ ወይልኡ።“ ከምዝበልዎ፤ “ዘንጊ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን” ስልዝኾነ፣ ካብ 1991 ጀሚርና ዘወዲ ዓወት ባዕልና ደፊእና ናይ ክብሪ ካባ ኸኣ ለቢስና ንርከብ።**

ሓደ ነገር ተጻባእትን ጸላእትን ኤሪትራ ዘይተገንዘብዎን ዘይፈልጥዎን እንትሃሊዩ፤ እቲ እንዳተዋራረሰ ዝመጸ፤ ሱር ዝሰደደ ሓያል ኤሪትራዊ ስምዒት ዝፈጠሮም ሕላገት፤ ናይ ሓድነት፤ ጽንዓት፤ኒሕ፤ ሓቦ፤ ተጻወርነት፤ ተወፋየነት ክሳዕ መስዋእቲ ናይ ሂወት ድልው ምኻን ዘይምርድኦም: እዩ። ጸላእትና ዘይማሃሩ ደኣ ኮይኖም እምበር ናይ ሰላሳ ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ነቲ ብኤሜሪካን ሕብረት ሶቭዬትን ክሳብ ዓንቀሩ ኣዕጢቖም ዝልእኩልና ዝነበሩ ምስ ሺሾ ሰራዊቱ ኣለሽ ኣቢሉ ዝደምሰሶ ናይ ደርጊ ሰራዊት ብዓወት ሕዝቢ ኤሪትራ ምዝዛሙ ከምእተሳዕሩ ዘይምርደኦምን ዘይምእማኖም እዩ።

ምንም እኳ ዝኾነ ውሳነ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ይኹን፤ ኣብ ካልእ ኣህጉራውያን ወይ ዞባዊ ትካላት ብኸራኹሩ ኤሜሪካ ዝውሰን፤ ኣብ ወጻኢ ፖሊሲ ምምሕዳር ኤሜሪካ ዝተመርኮሰ ይኹን እምብር፤ መጋበርያ ዝኾኑ ሰብ ስልጣን ኤሜሪካ፤ ብጉቦን ጥቕምን ዝተቛማጥዑ፤ ወይካኣ ብሕታዊ ዝናን ክብርን ዝደልዩ ወይካኣ ወልቃዊ ጽልኢ ስለምንታይ ኣነ ዝበልኩኹም ዘይትእዘዙ ዝብሉ ካባና ንላዕሊ ዝፈልጥ የለን ብ(**Mundane Mentality**) ዝፍለጥ፤ ንኣተጋባብራ ፖሊሲ ብዙሕ ጽልዋ ኣለዎም ንምሳሌ ንምጥቃስ ኣብዚ እዋን እዚ ኣምባሳደር ናይ ኤሜሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት "ስዋኣ ከም ዝጠዓመላ መኣምን ወይ መበለት" ላዕልን ታሕትን እንዳበለት ተሳሲ ዘላ ሱሳን ራይስ ኣብ ግንቦት 25, 1999 ንኤሪትራ ብኤሜሪካ ማዕቅብ ንኽግበረላ ፈቲና ነይራ ቃል ብቓሉ ኣብ ቅድሚ (America Hause Committee) ናይ ኣሜሪካ ቤታዊ ኮሚቲ ቀሪባ ዝበለቶ ንምጥቃስ:

**"We are very concerned by credible reports that Eritrea has delivered large quantities of weapons and munitions to self-proclaimed Somalia President Hussein Aideed for the use of a violent faction of the Oromo Liberation Front."** ትርጉሙ

" ካብ ጭቡጥ ምንጭታት ብዝረኸብናዮ ሓቤረታ ኤሪትራ ንባዕሉ ናይ ሶማሊያ ፕረሲደንት ኢሉ ዝሰየመ ሑሴን ኣይዲድ ብዙሕ ዕጥቅን መሳርያን ከምዝሃበቶን እዚ ኻኣ ነቶም ጎንጻዊ ጉጅለ ዝኾነ ናይ ኦሮሞ ሓርነታዊ ግንባር ንኽጥቀምሉ እዩ።"

እዚ ረኺበዮ ዝበለቶ ጭቡጥ ሓቤረታ ካብ ወያነ ምኻኑ እዩ፤ ወያነ ኻኣ ነታ ንዕለት ትውሃባ ትካቦን፤ ንሓንቲ መዓልቲ እካ ትኹን ስልጣና ተናውሓላ ኾይኑ እንተ ተሰሚዕውዋ፤ ብዕራይ ብዓይነይ ክወልድ ሪኤ ካብምባል ውን እንተኾነ ዘይሓትንኽ ሓሳዊት ጃንዳ ኢያ፤ ክድምና ልመናን ከም ባህልን ክእለትን ተኻሂናትሉ ከይሓፈረት ትንየት ውድብ ያኢስ ሓቂ ሓቤረታ ክትህብ "ዓይነት ስጋ ምረጽ እንተተባህለ ጣፍያ" ከም ዝባሃል ኢዩ ጣፍያ ከም እትፈልጥዎ ፍንፍንቲ ስጋ፤ ድሙ ይኹን ከልቢ ዋላ ሽሕ እካ እንተጠምዩ ዘይበልዕዋ ክፋል ኣካል ጨለ በጊዕ ወይ ከብቲ እያ። እቲ ምንጪ ሓባሪኡ ወያነ ዝኾነት ብዝበለቶ ተሞርኪሱ ፖሊሲ ዝቕርጽን ዝትግብርን ብልሽው ናይ ኣሜሪካ ምምሕዳር ግን ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝን። እዚከኣ ሱሳን ራይስ ብ1998 ዘይብሱል ዝንቡዕ ብርዋንዳ ናይ ሰላም ሰነድ ዝፍለጥ፤ ነቲ ንዶብ ግጭት ኢትዮጵያን ኤሪትራን ክፈትሕ እኽእል እዩ ተባሂሉ፤ ብኣ ተነዲፉ ዝቐረበ ሰላም ከውሕስ ዘይክእል፤ ናብ ሓደ ወገን ዘዝበለ ቅቡል ስለ ዘይነበረ፤ መንግስቲ ኤሪትራ ነጺግዎ ነዚ ኸኣ ብዝሓዘቶ ቂም ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ፈቲና ዘይቀንዓ ሕጂ ብሸፈጥን፤ሽርሕን፤ ምትላልን ሕነ ክትፈዲ በቒዓ።

***እዚ ሕጽር ዝበለ መእተዊ ኾይኑ ኣብቲ መኸንይት ንማዕቀብ ተባሂሉ ዝቐርበ መብርሂ ክህበሉ ክፍትን እየ***

1. *ሚስትር ደሚሳኒ ኩማሎ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ኣቦ ወንበር፤ ናይ ሕብራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ  ኮሚቲ ጉዳይ ሶማሊያ ብግንቦት* 22, 2009 *ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ*:

*ሀ*) *መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማሊያ ብብልሸዋና ዝተቛማጠዔ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።*

*ለ*) *እቶም ብኣሕጽሮ ኣሚሶን ተባሂሎም ዝጽውዑ* (African Mission in Somalia) *ኣብ ሶማሊያ ኣትዮም ዘለዉ ናይ ኡጋንዳን ሩዋንዳን ብሩንዲ ሰራዊት ኣብ ንግዲ ኣጽዋርን ምትሕልላፍን ተዋፊሮም ከም ዘለው ኣቃሊዑ።*

*ሓ*) *ኢትዮጵያውያን ኑቲ ዘይርጉእ ኩነታት እንሃሩ ከም ዘለው ተሓቢሩ።*

*መ*) *ሰማንያ ካብ ሚእቲ እቲ ኣብ ሶማሊያ ኣጽዋር ኣብ ዕዳጋ ንመሸጣ ዝቐርብ፤ ብመሰጋገሪ መንግስቲ ምኻኑ ኣቃሊዑ።*

*ሰ*) *ወረራ ኢትዮጵያን ምትእትታወን  ንኹነታት ሶማሊያ ኣብ ኣዚዩ ሕማቕ ኩነታት ከምዘእተዎ ገሊጹ።*

*ረ*) *ኢትዮጵያ* 25 *ጊዜ ናይ ወተሃደራዊ በረራ ከም ዝገበረት ሓቢሩ።* <u>*ኣብቲ ጸብጻብ ስም ኤሪትራ ፈጺሙ ኣየተጠቕሰን*</u>*።*

1. *ምምሕዳር ኣሜሪካ ካብ* 1993 *ክሳብ* 2006 *ዓ.ም.  ንሕዝቢ ሶማል ብእንዳ እንዳፈላለየ ነንሕድሕዱ ንክናቖት ንዝተፈላለዩ ጉጅለታት እንዳዕጠቐ፤ ምስ ከደምቱ ወያነ ኣብ ሶማል ነዚ ሕጂ ዝርኤ ዘሎ ህልቂትን ሕንፍሽፍሽን ኩነታት ዝፈጠረ እዩ። እቲ ሕሱር ፖሊሲ ኣሜሪካ* “Fishing in Disturbed Waters” <u>*ኣብ ብማዕበል ዝተናወጸ ባሕሪ ዓሳ ምግፋፍ*</u> *ማለት ሕንፍሽፍሽ ምፍጣር ዘሎ ጸጋታት ምምዝማዝ ዝኣምሩ ፖሊሲ፤ ንጸጋታት ሶማልን ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዋ ሃገራት ንምግባት ዝሃንደሶ ፍሹል ውጥን እዩ።*

2. *ናይ ኣሜሪካ ምምሕዳር ሶማልያ ክብል ከሎ ነየነየቲ ሶማሊያ እዩ ዝብል ዘሎ። ንምኻኑ እተን ካብ ሶማል ተነጺለን ባዕለን ነጻነት ኣዊጀን ዘለዋ ሶማሊላንድን*: *ፑንትላንድ፤ ምምሕዳር ኣሜሪካ ፈሊጥወን ማለት ድዩ*? *ወይስ ንጥቕሚ ኣሜሪካ ከገልግላ ዝኽእላ ካልኦትት ተወሰኽቲ ንኣሽቱ ሃገራት ኣብ መስራሕ እዩ ዝርከብ*?
3. *ስልምንታይ እዩ ምምሕዳር ኣሜሪካ  ንሸኽ ሸሪፍ ኣሕመድ ናይ እስላማዊ ሕብረት* (Islamic Union) *መራሒ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ* 2006 *ምስ ጊላታቱ ወያኔ ኮይኑ ንኽቅትሎ ዝሃድኖ ዝነበረ*? *ኣብቲ እዋን ሸኽ ሸሪፍ ዝመርሓሉ ጊዜ ኣብ ሶማሊያ ኣንጻራዊ ሰላም ሰፊኑ ህዝቢ ሰላምዊ ናብርኡ እመርሕዶ ኣይነበረን። ወይስ ዝኾነ ውድብ ወይ መንግስቲ እስላም ዝብል ቕጽል መጸውዒ ዘለዎ ክቕተል ወይ ክጠፍእ ኣለዎ ዝብል ምስጢራዊ ፖሊሲ ናይ ኣሜሪካ ኣሎ እዩ*?
4.  *ምምሕዳር ኣሜሪካ  ኑቲ ምስ ጊላታቱ ወያነ ዝሃድኖ ዝነበረ ሕጂ ደጋፊን ተጣባቒ መንግስቲ ሸኽ ሸሪፍ ኮይኑ ያኢ ንግዚያዊ መንግስቲ ሶማሊያ ዘይፈልጥኪ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ኤሪትራ እግዳ ከበይን  ዝኸኣለ እቲ ሕሱርን ዘሕፍር ሽጣራን ሸርሕን*

እዩ። ሸኽ ሸሪፍ ካብቶም ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ መስራቲ ኪዳን ንዳግም ምቛም ሶማሊያ ጉባኤ (Alliance for the Reconstitution of Somalia) ብቐዳምነት ተዋሳኣይ ዝነበረ እዩ፤ እቶም ሕጂ ኣሜሪካ ብግብረ ሽበራውያን ትፍርጆም ዘላ ብጾቱ ሓደ መትከል ከም ሸኽ ሸሪፍዶ ዝነበሮምዶ ኣይኮኑን?

5. ኤሪትራ ከም ልዕላዊት ሃገር ኣብ መሪሕነት ዝተቐመጠ መንግስቲ ናይ ዝኾነት ሃገር ክትፈልጦን ከይትፈልጦን መሰላ እዩ። ኣብ ቪላ ሶማሊያ ከም ዝተሓየረ ኡሱር ብኡጋንዳ ሰራዊት ዝሕሎ ሰዓብቲ ዘይብሉ ናይ ሸኽ ሸሪፍ መንግስቲ ዘይፈልጥኪ ምባልሲ ምስምንታይ ይቑጸር ዓንዳሪ ኣምባገነን ወይ ስርዕተ ኣልቦ ካብ ምባል ካልእ መጸውዒ ክትረኽበሉ ኣሸጋሪ እዩ። ንምኳኑ ምምሕዳር ኤሜሪካ ግብረ ሽበራን፤ ቅርሰናን (ፓይረሲ) ክካላኸል እየ ብዝብል ዘይቅቡል መኸንያት ገማግም ባሕሪ ሶማሊያ ጊሂሱ ምስ ሰራዊት ፈረንሳ ሰፊሩ እንዳተሓለወ በየን ጌራ ኢያ ደኣሞ ኣጽዋር ኤሪትራ ንተቓወምቲ ከተቐብል እትኽእል? ብተወሳኺ ብመርዬት ኤሪትራ ምስ ሶማል ኣይትዳውብን ኢያ ብኣዬር ከይብሃል ኸኣ ናይ ሞቕዲሾ መዓርፎ ነፈርቲ ብናይ ኡጋንዳ ሰሪዊት እንዳተሓለወ እዩ። ንምሕሳው ክጥዕሞም ኤሪትራ ናይ ንኩልያር ውግእ ኣጽዋር ዝፍረኽሉ ዓቢ ናይ ኡራንዩም ፋብሪካ ኣብ ባካራ ሞቕዲሾ ኣለዋ እንተዝብሉ መምሓረሎም።

6. ንወያነ ጎረባብቲ ሃገራት ከም ድልየታ ንኸትወርር “Blank Check” ዝተዋህባ፤ ከምኡ ኸኣ ሕጊ ዓለም ረጊጻ፤ ኣብ ልዕላዊ መሬት ኤሪትራ ወሪራ ሒዛቶ ዘላ ብኣንግሎ-ኣሜሪካ ኢምፐሪያሊስት ዝተዋህባ መምርሕን ትእዛዝን እዩ። እዚ ኸኣ እቲ ኹነታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወጥሪ ብቐጻሊ ተንጠልጢሉ ኽጸንሕ እሞ ጅሆ ኾየኑ ከም “Time Bomb” (ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክኖትግ ዝኽእል ቦምብ) ምግዳፍ ብዝተፋላለየ መልክዕ ኤሜሪካ ጣልቃ ንኽትኣቱ ተጣጣሓሉ ዘላ ናይ ሽርሒ ሜላን ውዲትን ምኻኑ እዩ።

7. እቲ ብናይ ኢትዮጵያን ኤሪትራን ቦርደር ኮሚሽን ብ2002 ዝተወሰነ፤ ናይ መጨረሻን ቐያድን ብይን፤ በቲ ናይ ኣልጀርስ ስምምዕ መሰረት፤ ኣብ ግብሪ ንኸይውዕል ትሓላልኽ ዘላ ወያነ ዘይኮነትሲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ከም ዝኾነት ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ሕጂ ኻኣ ኣኽባር ሕጊ ኾይና ብዛዕባ ናይ ጅቡቲ ብኤሪትራ ዶብ ምጥሓስ ከም ሓደ መኸንይት ንማዕቀብ ክጥቅምሉ ክትሰምዕ ንህዝቢ ዓለም ጸርፊ እዩ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝናዕቕዎን ኣትሒቶም ከምዝሪእዎን ይእምተልና። ጅቡቲ ናይ ከዳሚት ዕስብቲ ኮይና ዶብ ኤሪትራ ጥሒሳ ንኽትኣቱ ብመሰረት ትእዛዝ ናይ ኣሜሪካ ብወያነ ዝተኣዘዘቶ ዕዮ ገዛ እዩ ነየሩ፤ ነዚ ውዕለታ ወይ ጉንያ ኻኣ ንፕረሲደንት ናይ ጅቡቲ “ንኢስማዕል ዖማር ጉሌህ” 45 መዓልቲ ድሕሪቲ ክስተት 40ሽሕ ሄክታር ስብሕ መሬት ኣብ ባሌ ክልል ኦሮሚያ ተበርኪትሉ ንባዕልቲ ቤቱ “ወይዘሮ ካድራ ሞሓመድ” 20 ሄክታር ኣብ ሰበታ ኣካባቢ ኣዲስ ኣበባ፤ ንሰደድ ዕንባባ ዝኸውን መሬት ተበርኪቱላ እዚ ኸኣ ተወሳኺ ነቲ 10 ሽሕ ኳድራት ሜትር መሬት ኣብ ገምግም ቀላይ ሆራ ደብረዘይት ብወያነ ብነጻ ዝተበርከተላ እዩ። እዚ ኻኣ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ክሳዕ ክንደይ ብልሽዋት ኮይኖም ንውልቂ ረብሓኦም ክብሉ ንርግኣትን ሰላም ኣህጉርና ኣብ ዓዘቕቲ ድኽነት፤ ጥሜት፤ ውግእን ኣእትዮማ ከም ዘለው ከብርሃልና ይኽእል።

## ስልምንታይ ኢ.ያ ኤሪትራ ብዓይኒ ጽልኢ ኣትኩሮን መስሕብን ምምሕዳር ኤሜሪካን ናይ ስለላ ትካላታን ኮይና ማዕቀብ ክግበረላ ተሓጽያ

1. እቲ ደርማስ ዝኾነ ምዕባለ ቁጠባዊ ሓርነት "ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት" ነተን ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ ከይትኸውን ስለዝድለ ልምዓታዊ ፕሮጀክታት ክዕንቅጹ።
2. ዘሎ መንግስቲ ኤሪትራ "ማርዮናይት መንግስቲ" ማለት ናይ (ባንቡላ መንግስቲ) ከም ድላዮም ዝእዝዝዎን ንረብሓ ኣሜሪካ ኮርፖረሽን ከም ከዳሚ ኮየኑ ስለዘይተዓሰበሎም። ኤሪትራ ኸኣ በቲ ናቶም ኣጸዋውዓ "ባናና ረፓብልክ" ስለዘይኮነት።
3. መንግስቲ ኤሪትራ ብቐዳምነት ንረብሓ ኤሪትራ ዘውሕስ ፖሊስታት ስለዝኽተል፤ ብተወሳኺ ጸጋታት እታ ሃገር ንኹሉ ኤሪትራዊ ማዕረ ዝረብሓሉ መሪሕ ወይ መትከል ስለዘለዎ ምስቲ ናይ ኤሜሪካ ረብሓን ድልየትን ስልዘይቃዶ ንጎረባብቲን ካልኦት ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራትን ከይትጸልወን ፍርሒ ስለዘለዎም ሓደ መኽንያት እዩ።
4. ስርዓት ምምሕዳር ኤሜሪካ ኣብ ምዝመዛን ግበታን ዝተመርኮሰ ፖሊሲ ዝምራሕ ስለ ዝኾነ ኣብ ርትዓዊ ሽርክና ስለዘይኣምን ከምተን ካልኦት ሃገራት ተፈጥራዊ ሃብታን ጉልበት ኤሪትራ ንምዝመዛ ስልዘየፍቅደት።

## ኤሪትራ ክድምናን ጊላነትን ስለዘይተቐበለት ኣብ ዝሓለፉ 18 ዓመታት ብምምሕዳር ኤሜሪካን ትካላት ስለይኡን ብዙሕ ሽርሕን ተንኮልን ኣብ ልዕሊ ኤሪትራ ገይሮም ሓድሓደ ንምጥቃስ፤

ሀ) ንሕዝቢ ብኣውራጃን ብሔራትን ፍልልይ ፈጢርካ ሓድነት ሕዝቢ ኣላሕሊልካን ሕንፍሽፍሽ ኣታኣታቲኻ ናይ ንሕድሕድ ኩናት ምፍጣር።

ለ) ን ኣማእታት ዓመታት ዝተዓቀበ ሃይማኖት ንምጥፋእ፤ ብሰላምን ብምርድዳእን ዝነበራ ሃይማኖታት ብምድኻም፤ ነንሕድሕደን ንምፍናን ንምንቛትን፤ እተን ናይ ግዳም ፖለትካውያን ሃይማኖታት ብምትእትታው፤ ሓድነትትን ርጋኣትን ህዝቢ ምዝራግ፤ ከምኡውን እቲ ኣብ መንእሰያት ዘሎ ሃገራዊ ስምዒት ምብሕጓግን ምጅላሕን።

ሐ) ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሒ ዝሰርሑ ከደዓት ብምዕሳብ ንመንግስቲ ምጽላምን ምድዋንን ንሃገራኣዊ ድሕነትን ህልውናን ቅዕቀብ ዝግብኦ ምስጢራት ንጸላእቲ ኣሕሊፍካ ምሃብ።

መ) ብስለላ ኣሜሪካ ብዝተወደበ መርበብ ወይ ሰንሰለት መንእሰያት ኣስዲዕካን ኣታሊልካን ስግረ ባሕሪ ኣኾብሊልካ ናይ ኤሪትራ ሰራዊት ንምድኻም ነቲ ናይ ዋርሳይ ይክኣሎ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ሾትኡ ከይወቅዕን ከይዕወትን ዝግበር ዘሎ ሽርሕን ውዲትን።

ሰ) በቲ ብዕብለላ ዓለም ለኻዊ ሓዚኦሞ ዘለዉ ማዕከን ዜንኦም ለይትን መዓልትን ንኤሪትራ ክጸልሙ ይሰርሑ ኣለው።ኤሪትራ ምስ ካልኦት ሃገራት ዝምድናታት ከይህልዋ፤ ከምኡ ውን ናይ ደገ ኣውፈርቲ ኣብ ኤሪትራ ከይነጥፉን ከየውፍሩን፤ ብዝተፋላለየ ጠቕነ፤ ኤሪትራ ሽበራ ከም እትድግፍን፤ ከምእትገብርን፤ ኣምሲልካ ንምጽላም ኣብተን ዝርዝር ሽበራ ዝገብራን ዝምውላን ሃግራት ዝብልወን ክትኣቱ ዘይፈተንዎምን ዘይገብርዎን የለን።

ሕጂውን ኤሪትራውያን ከምቲ ካብ 1982 ክሳብ 1985 ደርጊ ብዝተፈላለየ ስም ሓንሳብ ቀይሕ ኮኾብ ሓንሳብ ናደው እናበልካ ብኣሻሓት ሚእቲ እንዳኣሰለፈ ዘይተኣደነ ኣጽዋር ኣዕጥቑ ሬሳታቱ ንቡር ሓመድ ድብ ከይረኸብ ኣብ ኣኸራናት፤ ሽንጭሮታትን ኤሪትራ ተዛሕዚሑም በቲ በዳዊ ኒሕን ጽንዓትን ኤሪትራውያን ዝተረፉ ዝገበረ፤ ሕጂውን ከም ትማሊ ድልው ምኻኑ ይፍለጡ።

ብተወሳኺ ብ1988 ዓ.ም. ኣብ ኣፍዓበትን፤ ብ1990 ኣብ ባጽዕ ንደርጊ ኣምዑቱ ኣሕሪሩ ዓንዲ ሕቖ ዝሰበረሉ ብሓይሊ ኣጽዋር ዘይኮንስ በቲ ዘይሕለል ጽንዓትን ሓቦን ሕዝባዊ ግንባርን ሕዝቢ ኤሪትራ ከም ዝኾነ ጸላእቲ ኤሪትራ ኣዳዕዲያም ዝፈልጥዎ እዮም እቲ ናይ ሽዑ ጅግንነትን ትብዓትን ንሒን ሕጂ ውን ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ ክበርሃሎም ይግባእ።

ጅግንነት ኤሪትራውያን ተዘርዚሩ ዝውዳእ እኳ እንተ ዘይኮነ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ብምምሕዳር ኤሜሪካ ተላኢኹ ብወግዒ ብ1998 ዓ.ም. ውግእ ኣዊጁትልና ሰለስተ ሰፊሕ ወራር ዘካየደቶ ግን ከይተጠቕሰ ክሕልፍ ኣይግባእን። ሕዝቢ ኤሪትራ ቖፍኡ ከምዝተንከፈ ንህቢ ብሓደ ልቢ መኪቱ ንወራር ወያነ ኣፍሺሉ፤ ነቲ መጀምርታ ዝተሓረመቶ ናይ ኣልጀርስ ዕርቂ ሰነድ ንህላዉኣ ክትብል ክትፍርሞ ኣገዲድዋ እዚ ኹኣ ዳግማይ ፍሽለት ምምሕዳር ኣሜሪካ እዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ዝተፋላዬ ግንባራት ዝተሰርሔ ቅያ ኹኣ ምስክር ኤሪትራዊ ጅግንነት፤ ሓድነት፤ ጽንዓት፤ ርእሰ ተኣማንነት፤ ኒሕ፤ ሓቦ ካብ ኣቦታቱን ኣዴታቱን ኣያታቱን ዝወረሶ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ የርኢ።

መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ፤ ንወራር ቱርካውያን፤ ግብጻውያን፤ ግፍዕታት ኢጣልያን እንግሊዝን። ኣድማታት ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ስዒቡ ዝመጸ ምጅማር ብረታዊ ቃልስን መኸተ ንመግዛእቲ ኢትዩጵያን፡ ገለ ገለ ካብ ባሕሪ መኸተን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ብጨልፋ ንምልዓል ኮይኑ፡ ብተወሳኺ'ውን መኸተታት፡ 2002 ን 2007 ካብ ሽቱትጋርት ተበጊሱ ኣብ መላእ ዓለም ዝለሓመ ክጥቐስ ይከኣል።

እዚ ሕጂ ንኣንግሎ-ኣሜሪካ ኢምፐሪያሊስት ረብሓ ብኻዳሚት ወያኔ ተለኣኺኹነት ብናይ ኡጋንዳ ጊላ ናይጊላ ኣብ ኢትዮጵያ ቦኺዑ ብጊልኦም ኡጋንዳ ቀሪቡ ዝተባህለ ናይ ውሳኔ ሓሳብ ቁጽሪ 1907 ብቕሉዕ ሽጣራ ወይ ጨለንት ዝተገብረ ውዲት ንኻልኦት ኣፍሪቃውያን ከታልሉ እኽእሉ ይኾኑ ኤሪትራውያን ግን ሽርሒታቶም ልዕሊ 60 ዓመት ስለንፈልጦ ከታልሉና ኣይክእሉን እዮም። ብዝመጽዎ መልክዕ ሽርሒታት ይኹን ውዲት ከኣ በዲህና ከም እንዕወት ንሓንቲ ካልኢት እንተኾነ እውን ኣይንጠራጠርን ኢና፤ ነዚ ተባሂሉ ዘሎ ማዕቀብ ወይ እገዳ ኹኣ ብውሕሉል ጥርናፈን ኣወዳድባን በዲህና ከም እንሰግሮ ጥርጥር የብልናን።

ብዓቕምና ተመርኲስና ንገብሮን ነምዝግቦን ዘሎና ኣብ ክሉ መዳያት ደርማስ ዕብየት ጸላእትና እርይዎ ኣለው ንኻልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ "ጽብቕ ሕማቕ ኣብነት" ክኾኑ ኢዮም ዝብል ፍርሒ ስለ ዘለዎም ጥቕሞም ማለት ዘይርትዓዊ ዝኾነ ናይ ኣፍሪቃ ጸጋታት ግበታ ናይ ኤሪትራ ትልሚ ሃገራት ኣፍሪቃ እንድሕሪ ተኸቲለን ናይ ኣንግሎ ኤሜሪካ ህልውናን ናይ ግበታ ፖሊሲ ከናቕንቖ እኽእል እዩ ዝብል ራዕድን ፍርሕን ኣለዎም። ስለዚ ነቲ ብናህሪ ዝስጉም ዘሎ ቁጠባዊ ሓርነት ንምዕንቃጽን ንምኹላፍን ክግበር ዝኽእል ዝኾነ ሽርሕን ውዲትን ካብ ምግባር ንድሕሪ ሕጂ እውን እንተኾነ ንድሕሪት ኣየብሉን ኢዮም፤ ከምቲ እሳቶም ገባቲ ፖሊሲኦም ከተግበሩ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ ንሕና ኻኣ ንጥቕምና፤ ንሓድነትናን፤ ህልውናን፤ ክብርናን ናጽነትናን ዝብድህ ብተዓጻጻፊ መኪትና ሓቂ ስለ ዘሎና በቲ ዘይሕለልን ዘይጽዓትን ኒሕን ጽንዓትን ከም እንዕወት ወላሓንቲ እኳ ጥርጥር የብልናን። ብሉጻት ከፊልና ዝረኸብናዮ ናጽነት ባንዴራ ከነበልብል ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኤኮኖሚን ፖለቲካ ናጽነትን ወኒና ባዕልና ንዓና ብዝቐደወና ሃገርና ክንመርሕ ከም ዝኾነ ፈተወትናን ጸላእትና ክፈልጡ ይግብኦም።

መኸተና መኸተ ሓቅን ፍትሕን ስለዝኾነ ከም ትማሊ ንዝኾነ መሰናኽል ከም እንሰግሮ ኣይንጠራጠርን ኢና

ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ ኸኣ የመስግን

ዘላልማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ